# ካብ ጥንሲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/ AMNIOCENTESIS

The Royal Women’s Hospital Fact Sheet / www.thewomens.org.au

the women's
the royal women's hospital
victoria australia

## ካብ ጥንሲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/AMNIOCENTESIS እንታይ እዩ?

AMNIOCENTESIS መርመራ ከኸውን እንከሎ ቁሩብ ናሙና ፈሳሲ ኣብቲ ማማይ ዝርከበሉ ማሕጸን ከባቢ ይውሰድ እዩ። እቲ ፈሳሲ ምርመራ ክግበር እንከሎ እቲ ማማይ ዝኾነ ፀገም እንተሃልይዎ ክርአይ ይኽእል እዩ።

## እቲ መርመራ ከመይ ይግበር?

መርፍእ ብናይ ኣዶ ቀርበት ተጌሩ ናብቲ ፈሳሲ ዘለዎ ማሕጸን ነቲ ማማይ ከይነኸኣ ወይካዓ መዳሕንቲ [ድሕሪ ምውላድ] ይውጋእ እዩ።

መርመራ ኣብዝግበረሉ እዋን እቲ ማማይ ናብ 16 ሰሙናት ይገብር ከምኡ'ውን 150 ሚሊ ሊትር ዝኸውን ፈሳሲ ኣብዙሪያ እቲ ማማይ ኣሎ። 15 ሚሊ ሊትር ዝኸውን ፈሳሲ ነቲ መርመራ ከምዘድልይ እዩ።

## እቲ ፈሳሲ እንታይ ይግበር?

መብዛሕትኡ እቲ ፈሳሲ ንክልተ ነገራት መርመራ ይግበረሉ፡

- alpha feto-protein ፕሮቲን ዝብሃል ንምንባሩን ኣቐን መጠን ደርኣይ። እቲ ማማይ spina bifida (ኣካላዊ ድሕሪት) ዝብሃል እንተሃልይዎ ብዙሕ ፕሮቲን በቲ ፈሳሲ ውሽጢ ይርከብ እዩ።

- ንናይቲ ማማይ ክሮሞሶም ንምፍታሽ ኣብቲ ፈሳሲ ውሽጢ ዝርከብ ዋህዮ ክጠቅም ይኽእል። እቲ ማማይ ሕማም ከምዘለዎ ዝሕብር Down's syndrome (ናይ ኣእምሮ ድሕሪት) ዝብሃል ወይካዓ ዝኾነ ካልዕ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ከምዘለዎ በዚ ፍተሻ ንምርካብ ይኽኣል እዩ። ናይቲ ማማይ ጾታ'ውን ክውሰን ይኻኣል እዩ።

በቲ ፈሳሲ ዝካየድ ብዙሕ መርመራታት ኣለዉ ግናስ እዞም መርመራታት ዝግበሩ ወለዲ ናይ ምውላድ ፀገም ንምንባሩ እንተተፈሊጡን እዩ።

ሓኪምክን ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ውፅኢት ይነግረኽን እዩ። መብዛሕትኡ ግዘ እቲ ሓኪምክን እንተደሊኽን ናይቲ ማማይ ጾታ ይነግር እዩ።

## AMNIOCENTESIS መርመራ መን እዩ ዝፍቀደሉ?

- ንምውላድ ክቓረባ እንከሎ ዕድሚኣን 37 ዓመትን ንላዕሊ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ።
- ደቂ ኣንስትዮ ክወልዳ እንከሎ ሕማም ዝሕብር Down's syndrome (ናይ ኣእምሮ ድሕሪት) ወይካዓ Spina bifida (ኣካላዊ ድሕሪት) ዝነበረን።
- ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎም ደቂ ኣንስትዮ [ወይካዓ ናይቲ ማማይ ወላዲ ኣቦ] ወይካዓ ብናይ 'ሜታቦሊክ/metabolic' ዘይምስተኽኻል ናይ ምውላድ ፀገም ዘለዎም ወለዲ።

## ዕድሚኤን ካብ 37 ዓመት ዝኾኖ ደቂኣንስትዮ ንምንታይ እዩ AMNIOCENTESIS መርመራ ዝግበረለን?

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዕድመ እንዳወሰኸ ክኸይድ እንከሎ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎ ማማይ ናይ ምውላድ እድል እንዳወሰኸ ይኸይድ እዩ። እቲ ልሙድ ናይ ክሮሞሶም ፀገም Down's syndrome ናይ ሕማም ምልክት እዩ።

ኣሞንጎ 37 ዓመትን 40 ዓመት ዕድመ ዘለዋ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎ ማማይ ናይ ምውላድ እድል ካብ 100 ውሽጢ 1 ኸውን። ካብ 40 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ዘለዋ እዚ እድል ካብዚ ንላዕሊ ይኸውን እዩ።

እቲ መርመራ ኣብዝኾነ ናይ ጥንሲ ግዘ ምግባር ይኽኣል ግናስ ነቲ ማሕጸን ደሕንነት ክብሓል ብውሑድ ክሳብ 15 ሰሙናት ምፅናሕ የድልይ እዩ።

## ቅድሚ ናይ ፅንሲ ፈሳሲ መርመራ ብድምጺ/Ultrasound ምምርማር ንምንታይ የድልይ?

Ultrasound መርመራ ሓያል ዝኾነ ናይ ድምጺ ምንብልባል ብምጥቃም ናትኸን ውሽጣዊ ኣካል ክፋል ስዕሊ ንምፍጣር ይኸውን። እዚ'ድማ ብፍላይ ናይቲ ዕቤት ማማይ ንምርኣር ፅቡቕ እዩ።

ኣብታሕታዋይ ከብዲ መለግለግ ዝብል ፈሳሲ ብምልካይ ብላስቲክ ዝኾነ ነገር (transducer) ቐስ ኣቢልካ በቲ ቀልበት ምንቅስቃስ ይኸውን።

ናይ ድምጺ Ultrasound መርመራ ብምግባር ዝፍለጥ ሓደጋ የለን።

ናይ Ultrasound መርመራ ብምግባር ሓደ ማማይ ጥሪይ ንምኳኑን እቲ ጥንሲን መዳሕንቲን ጥዑይ ንምኳኑ ይርኣይ እዩ። ከምኡ'ውን ናይቲ ጽንሲ ዕድመ ይነግር እዩ።

Ultrasound መርመራ ንብላሉ ጥሪይ ናይ Down's syndrome ፀገም ክጥቑም ኣይኽእልን ስለዙይ ናይ Down's syndrome ፀገም ንምፍላጥ ካልኦት መርመራታት ከምዘድልይ እዩ።

ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ንምግባር ክትዳለው እንከሎ እቲ ማማይን መዳሕንቲን [ድሕሪ ምውላድ] ዝርከበሉ ቦታ ንምፍላጥን ኣብመወዳእታ ናይ Ultrasound መርመራ ይሕግዝ እዩ።

## ኣብቲ መርመራ ዝግበረሉ ዕለት እንታይ ከምዝግበር?

ኣብ መርመራ ዝግበረሉ ግዘ ፍሕኛኽን ክመልእ የብሉን። ይኹን እምበር ቑሩብ ሽንቲ ኣብ ፍሕኛ ውሽጢ መንባር ነቲ ማማይን ተሕቲ ማሕጸን በቐሊሉ ንምርኣይ ይኽኣል እዩ። እቲ ምርኣይ ክውዳእ እንከሎ ብቐጥታ ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ምግባር እዩ።

ድሕሪ ቀርበት ምፅራይ እቲ መርፍእ ናብ ማሕጸን ይኣትው እዩ። እቲ መርፍእ ናብ ማሕጸን ከምዝኸይድ ንምርኣይ ክሕግዝ ሓኪም ናይ Ultrasound መርመራ ይጥቐም። ነቲ ፈሳሲ በቲ ስሪንጅስ ንምቅዳሕ ናብ 15 ደቂቕ ግዘ ይወስድ እዩ።

ድሕሪ እቲ መርፍእ ምውጻኡ እሞ ካብቲ ከፍሊ ቀድሚ ምውጻእ ካልኣይ ነቲ ማማይ መፍታሽ እዩ። ን30 ደቂቕ ጸጥ ኢልካ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ከዛኽን ምኻድ ትኽእላ።

መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስትዮ ከምዝበላና ድሕሪ እቲ መርመራ ፀገም ከምዘይብሉን ብጣዕሚ ውሑድ ዝኾነ ዘይምቹእ ኩነታ ከፍጠር ከምዝኽእል እዩ።

ድሕሪ እቲ መርመራ ናብ ገዛኽን ብዘይፀገም መኪና ከተዝውራ ትኽእላ ግናስ ዝኻኣል እንተኾይኑ ዝኾነ ሰብ ምሳኽን እንዳዘወረ ክወስደኽን ይምረጽ እዩ። ሙሉእ ማዓልቲን ኣብዝቕጽል ማዓልቲ ብዘይምንቕስቃስ እረፍቲ ምግባር ግናስ ናብ ኣራት ምድቃስ ኣድላይ ከምዘይኮነ እዩ።

## እንታይ ዓይነት ምግርጫው ክፍጠር ይኽእል?

ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ዝገበረት ደቂ ኣንስትዮ ናይ ጥንሲ ምካድ/ምውራድ ፀገም ከሳብ ሕጂ ኣይተረጋገፀን እዩ።

ናትና መርመራ ውፅኢት ከምዘርእዮ ደቂ ኣንስትዮ AMNIOCENTESIS መርመራ ክገብራ እንከላ ናይ ጥንሲ ምካድ መርመራ ምስዘይገበራ ክወዳደር እንከሎ ብዙሕ ኣይኮነን።

እቲ ፀገም ብጣዕሚ ውሑድ ከምዝኾነ ምሕሳብ ከምዘለናን ካብ 200 ጥኑሳት ዘውርደን ካብ1 ኣይበዝሕን እዩ።

ብጀካ እዚ ብጣዕሚ ውሑድ ዝኾነ ናይ ጥንሲ ምውራድ ፀገም ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ምስ ማማይ ወይካዓ ጥንሲ ምንም ዓይነት ምግርጪው ኣይርኣይን እዩ።

መርኣያ ብዘይምቕራቡ ወይካዓ እቲ ላቦራቶር ውፅኢት ብዘይምሃቡ ምኽንያት ከምካልኦት መርመራታት ውድቂ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ድሕሪ ናይ መርመራ እንታይ ክጽበይ ኣለኒ?

ድሕሪ መርመራ ፀገም ዝርኣይ ብጣዕሚ ውሑድ እዩ። ብዙሕ ግዜ ኣብቲ ቀርበት ብዝፍጠር ስምብራት ምኽንያት ዘይምቹ ኩነታት ብመጠኑ ክፍጠር ይኽእል። ብብልዕቲ ዃለኻስተይቲ ብዙሕ ደም ወይካዓ ማይ ፈሲሱ ወይካዓ ብድሕሪ AMNIOCENTESIS መርመራ ቓንዛ እንተሃልዩኽን ሓኪምኽን ክተማኽራ ኣለኽን።

## ናይቲ መርመራ ውፅኢት ክንደይ ግዜ ይውድእ?

መብዛሕትኡ ግዜ spina ቢፈዶ ናይ መርመራ ውፅኢት ንምሃብ ክሳብ ሓደ ሰሙን ይውድእ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ማማይ ናይ spina bifida ፀገም እንተሃልይዎ ብናይ Ultrasound መርመራ ይፍለጥ እዩ ግናስ ሓኪምኽን ብጀካ ቀድሚ ሕጂ ክትወልዳ ሰፒኔ ቢፈዶ ፀገም እንተኔሩኽን ኣይዛረብን እዩ።

ንDown's syndrome ፀገም ንምፍላጥ ዝግበር ናይ ክሮሞሶም መርመራ ውፅኢት ክሳብ ክልተ ሰሙናት ይውድእ ምኽንያቱ ነቲ ዋህዮ ንምዕባይ ግዜ ስለዘድልዮ እዩ። እቲ ላቦራቶሪ ነቲ ውፅኢት ብቐጥታ ናብ ሓኪምኽን ይልእኽ እዩ።

ፀገም እንተተፈጢሩ ኣብዝኾነ ጥንሲ ደረጃ ውርደ ክግበር ይኽኣል እዩ።

## ሓጺር ጸብጻብ

AMNIOCENTESIS መርመራ ቑሩብ ናይ ምግርጫው ፀገም ክነብር ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ፍሉይ ኩነታት ኣብዘለዎ ሕሙማት ዝፍጠርን ኣብ 37 ዓመት ዕድመ ወይከዓ ንላዕሊ ዝኾና ኣዶታት ብጣዕሚ ዝተለምደ ይኸውን። እቲ መርመራ ናይ Down's syndrome ፀገም ንምንባሩን ካልኦት ናይ ክሮሞሶም ዘይምስትኽካልን ናይ spina bifida ፀገም ንምንባሩ የረጋጽልና እዩ። እቲ ማማይ ጥዑይ ንምኳኑ ንምርግጋጽ ብሓባር ብ Ultrasound ምርኣይን ብናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን እዚ ማለት ድማ ክመጽእ ዝኽእል ዝኾነ ዓይነት ዘይባህሪያዊ ክነብር ክምዝኽእል እዩ።

**Disclaimer** The Royal Women's Hospital does not accept any liability to any person for the information or advice (or use of such information or advice) which is provided in this fact sheet or incorporated into it by reference. We provide this information on the understanding that all persons accessing it take responsibility for assessing its relevance and accuracy. Women are encouraged to discuss their health needs with a health practitioner. If you have concerns about your health, you should seek advice from your health care provider or if you require urgent care you should go to the nearest hospital Emergency Department. © The Royal Women's Hospital, February 2014